ASAP
www.asaproject.org.uk
ASYLUM SUPPORT APPEALS PROJECT

# መምርሒ ነዚ ናይ ዑቕባ ደገፍ ናይ ይግባይ ፕሮጀክት (ASAP) ክትፍርሞኦ/ምኦ ዝሓቱኻ/ኺ ዘለዉመግለጺ

ኣብ እግባይካ/ኪ ክንሕግዘካ/ኪ እንተድኣ ኮይንና ነዚ ናይ መግለጺ ቅጥዒ'ዚ ክትፍርሞኦ/ምኦ ግድነት እዩ። ነዚ ቅጥዒ'ዚ ብምፍራምካ/ኪ ከኣ፡ ነቲ ወረቓቕትኻ/ኺ ንኽንርእዮ ፍቓድ ትህበና/ብና ኣለኻ/ኺ ማለት እዩ። ወረቓቕትኻ/ኺ ኣቐዲምና ከነንብቦ እንተዘይ ክኢልና፡ ክንሕግዘካ/ኪ ኣይንኽእልን ኢና። ወረቓቕትኻ/ኺ ሓንሳብ ምስ ኣንበብናዮን ምሳኻ/ኺ ምስ ተማየየጥናሉን ከኣ፡ ምሳኻ/ኺ ብሓባር ኮይንና ኣብ ቤት ፍርዲ ክንውክለካ/ኪ ንረብሓኻ/ኺ ድዩ ወይ ባዕልኻ/ኺ ነብስኻ/ኺ ወኪልካኪ ምቕራብ ይሓይሽ ምዃኑ ክንውስን ንኽእል።

ብተወሳኺ፡ ነተን ኣብ ትሕቲ ክታምካ/ኪ ዝርከባ ክልተ ሳጹን ከተሚልክተለን/ትለን ክንሓተካ/ኪ ኢና። ሓደ ካብዞ ምዝስዕቡ ከኣ ክትገብር ትኽእል፡-

- ካብቶም ሳጹናት ዋላ ኣብ ሓዲኦም ኣይተሚልክት/ቲ (ዋላ'ውን ከምኡ እንተጌርካ/ኪ እውን፡ ሎሚክንሕግዘካ ኢና)
- ንኽልቲኦምሳጹናት ኣሚልክተለን/ትለን
- ሓንቲ ሳጹን ጥራሕ ኣሚልክት/ቲ (ቀዳመይቲ ወይ ካልኣይቲ )

ነቲ ቀዳማይ ሳንዱቕ ከተሚልክት/ኪ ንሓተካ/ኪ ዘለና ምኽንያት ከኣ፡ ንመጻኢ ክንራኸበካ/ኪ ኣድላዪ ኮይኑ ምስ እንረኽቦ፡ ክንራኸበካ/ኪ ፍቓድ ክትህበና/ብና ማለት እዩ። ንመብዛሕቲኦምዓመዊልና ኣይንራኸቦምን ኢና። እንተተራኺብናዮም ከኣ፡ ንኸምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል፡

- ንኣገልግሎታትና ሚልሰ-ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ከኣ
- ይግባይካ/ኪ ምስ ሰዓርካ/ኪ፡ ክሳብ ክንደይ ቅልጡፍ ሓገዝ ከምዝረኸብካ/ኪ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ከኣ
- ካልእ ምኽንያት

ነቲ ካልኣይ ሳጹን ከተሚልክት/ቲ ንሓተካ/ኪ ዘለና ምኽንያት ከኣ፡ ኣሰራርሓና ንኸነማሓይሽ ክሕግዘናን፡ ንመጻኢ ድማ ንኻልኦት ሓተትቲ ዑቕባ ብዝበለጸ ክንሕግዝ ንኽንክእልን እዩ።

ናትካ/ኪ ይግባይ ንናትካ ናይ ሕጅን መጻእን ናይ ዑቕባ ሓገዝካ ዘይትንክፎ እንተኾይኑ፡ **ጥራሕ** ኢና ከምኣብነት ጌርና ኣብቲ ምስ ሆምኦፊስ (Home Office) እንገብሮ ርክብ እንጥቀሞኦ። ንሕና ሆምኦፊስ (Home Office) ንገለ ሰባት ድጋፍ ብጌጋ ከምዝነጸጉ እንተፈሊጥና፡ ኣብቲ ውሳነ ምሕላፍ ንኽማሓየሹ ኣብነታት ናይ ዝገበሩዎ ጌጋታት ብምቕራብ ዓይነት ናይ ኣሰራርሖኦም ከማሓይሹ ምስኦም ሓቢርና ንሰርሕ ኢና። እዚ ከኣ ንኹሎም ንብድሕሪ ሕጂ ዝመጽኡ ሓተትቲ ደገፍ ዑቕባ ንምሕጋዝ እዩ።

Asylum Support Appeals Project, Studio 11/12, Container City Building,
48 Trinity Buoy Wharf, London, E14 OFN
tel: 020 3716 0284 | fax: 020 3716 0272 | www.asaproject.org.uk
email: referrals@asaproject.org.uk
Company registered in England and Wales number 04763838 | Registered charity number 1105625
For more information about how we use your data, please read our Privacy Notice: www.asaproject.org/privacy